homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
መንገዲ 259 ማልበርን/Malvern
ሳውዝ ያራ

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ሆምስ ቪክቶርያ ብዛዕባ መደብ ምዕባለ እቲ ዓብዪ ህንጻት ኣባይትን ሰማይ ጠቀስ ህንጻ ዳግመ ህንጻትን ሓበሬታ ንምሃብ ይጽሕፍ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ነገስግስ ኣለና ማለት እዩ።

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ምስቶም ኣብዚ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታት ዝነብሩ ተቐማጦ ኣዘውቲርና ንራኸብ ኣሎና። **ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028 ም**ስዞም ስድራ ቤታት ዝያዳ ዝሓሸን ኣባይቲ እንዳ ኣዳለና ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ናይ ምግዓዝ መደብኩም ምድጋፍ

ነቶም ዝተረፉ ተቐማጦ ኣብ መንገዲ 259 Malvern፡ South Yarra/ሳውዝ ያራ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ደገፍ ንገብር ኣለና።

ልዕሊ 90 ሚእታዊት ናይ ስድራቤታት ድሮ ግዒዞም፡ ወይ ናብ ኣብ መስርሕ ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ ኣለዉ፡ ኵላቶም ከኣ ክሳዕ ለካቲት 2026 ክግዕዙ ኣብ መንገዲ ኣለዉ።

## ኣብቲ መስርሕ ክንድግፈኩም

**ዝተወፈየ ጉጅለ ምግዓዝ ኣሎና፡-** እዛ ጉጅለ እዚኣ ድሌታትካን ምርጫታትካን ንምርዳእ ምስ ተቐማጦ ብቐረባ ትዓዪ ኣላ። እዚ ሓበሬታ ነቲ ዘድልየካ ነገራት ዘማልእ ገዛ ንኽንረክብ ክሕግዘና ይኽእል እዩ።

**ምሳኻትኩም ክንራኸብ ኢና ኣብዚ ዘሎና፡-** ኣባል ስድራ ቤትካ ፈታዊኻ ወይ ኣማኻሪኻ ምሳና ኣብ እትገብሮ ዝኾነ ይኹን ኣኼባ ክትወስድ ትደሊ እንተ ኾይንካ ክትነግረና ትኽእል ኢኻ። ኣስተርጓሚ እውን ከነዳሉ ንኽእል ኢና።

**መሰላትካ ሓደ ዓይነት እዩ፡-** እቲ ዝገዓዝካዮ ገዛ ኣብ ትሕቲ ዓንቐጽ ሕጊ ክራይ ገዛ ሓደ ዓይነት መሰላትን ዕቑባን ክህልዎ እዩ።

**ናብ ካልእ ቦታ ንኽትግዕዝ ምሕጋዝ፥** ናይ ምውጻእ ሰራሕተኛታት ከነዳሉ፡ ከም ተሌፎን ኢንተርነትን ጶስጣን ዝኣመሰለ መራኸቢታት ከነዳልወሉ፡ ከምኡውን ምስ ኣገልግሎት ጥዕናን ደገፍን ከምትራኸብ ክንገብረካ ኢና።

**ናብ ዝነበርካዮ ምምላስ፥** እቲ ዳግመ ህንጻት ምስ ተወድአ ብመሰረት እቲ ቖጻሊ ብቑዓትነትካን ድሌትካን ብቅዓት ሓደስቲ ኣባይቲ ተመርኲስካ ናብ ከባቢኻ ክትምለስ መሰል ኣሎካ።

## ተራኸቡ

ብዛዕባ ናይ መንበሪ ድሌታትካን እቲ ንስድራ ቤትካ ዝሰማማዕ ክኸውን ዝኽእል ኩሉ ቦታታትን ምስ ናይ ምግዓዝ ሓላፊኻ ክትዘራረብ ነተባብዓካ።

ምስ ናይ ምግዓዝ ሓላፊኻ ብቐጥታ ክትራኸብ ወይ ከኣ ናብ ጉጅለ ምግዓዝ ኣብ relocationsteam@homes.vic.gov.au ኢ-መይል ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ።

## ተወሳኺ ርኸብ

- ኣብ homes.vic.gov.au ብጻሕ
- ምስ ናይ ከባቢኻ ቤት ጽሕፈት ተዘራረብ
- ናብ ዝተወፈየ ናይ ደገፍ መስመርና ብቑጽሪ 1800 716 866 ደውል

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026